ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን
ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ።

Eritrean Orthodox Tewahdo church
Archdiocese of North America

May 18, 2013

ናብ **The Honorable UN Secretary-General Banki Moon**
United Nations Headquarters
405 East 42nd Street
New York, NY 10017

*"ንእሱራት ከም መኣሰርቶም ኰንኩም፡ መከራ ይጸግቡ ንዘለው ከምኣቶም መከራ ትጸግቡ ከም ዘሎኹም ኰንኩም፡ ዘክርዎም።" (መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን 13፡3)*

ንሕና  ኣገልገልቲ ካህናት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፣ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን፣ኤውሮጳ፣ማእከላይ ምብራቕን እንነብር ኣብ ክንዲ መራሒ ቤተ ክርስትያንና ቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስን ኲሎም ብሰሪ እምነቶም ኣብ ስቓይ ዝርከቡ ኤርትራውያን, ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ግዳይ መሸጣ ሰብ ዝኾኑ ዘለው መንእሰያት ኤርትራውያንን ኮይና ሓገዝኩም ንምርካብ ቀጺሉ ዝስዕብ ለመናና ነቕርብ።

ቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ርህሩህ ኣቦ፣ ወዲ እግዚኣብሔር ስለ ዝኾኑ፣ ድኻታት ኣብ ምጽንናዕን ንጥሙያት ኣብ ምዕንጋልን ንልዕሊ 35 ዓመታት ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሓት ብምንኩስና ድሕሪ ምግልጋሎም ብመጀመርያ ከም ጳጳስ ቀጺሎም ድማ ናይ ኤርትራ ፓትርያርክ ኮይኖም ኣብ ምግልጋል ከለዉ እዚ ሕጂ ዘለዉዎ ግፍዒ ወሪዱዎም።

መብዝሕቶኦም እዞም ኣብ ዝተፈላለያ ክፍላተ ዓለም ብፍላይ ድማ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካን ኤውሮጳን እስራኤልን ካናዳን ዝነብሩ ዘለዉ ኤርትራዊያን፣ ንምልክን ጭቆናን ብምቅዋም ካብ 1980-1990 ናብ እዘን ዝተጠቕሳ ክፍለ ዓለማት መጺኦም ዑቕባ ተዋሂቡዎም ብሰላም ዝነብሩ ዘለዉ ኢዮም።

ኣብዚ ግዜ እዚ ብኣማእት-ኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ኤርትራዊያን፣ ካብቲ ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ምግሃስ ሰብኣውን ሃይማኖታዊን መሰላት ንምልቓቕ ንዝፈትውዋ ሃገሮም ራሕሪሖም ብብዝሒ ናብ ስደት ይውሕዙ ኣለዉ። መብዝሕቶኦም ኣብ ጸምጸም በረኻ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያን፣ሱዳንን ጅቡቲን ክርከቡ ከለዉ፣እቶም ዝበዝሑ መንእሰያት ኤርትራ ግዳያት ሸየጥቲ ሰብን ዘመናዊ ባርነትን ብምዃን ኣብ ሱዳንን ምድረበዳ ሲናይን ኣብ ሕሱም ስቅያት ዝርከቡ ዘለዉ ኢዮም።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምግሃስ ሃይማኖታዊን ሰብኣውን መሰላት ማለት ኣመንቲ ክርስትና፣ ብምኽንያት እምነቶም ከም ዝሳቐዩ ምግባር ካብ መጀመርያ ዓመት ናይ ነጻነት ካብ 1993 ዝጀመረ ኢዩ። እቲ ናይ ስቅያት ኣገባብ ብፍላይ ንኣመንቲ ክርስትና፣ ነቲ ካብ ጥንቲ ዝነበሮም ናይ ኣምልኾ ነጻነት ዝኽልክል ኢዩ። እዚ ስቅያትእዚ እናኸፍኤን እናሰፍሐን ዝኸደ ድማ ኣቦና ቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ብ2005 ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ማለት ቀኖና ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ብምግሃስ ካብ ናይ ፓትርያርክነት ማዕርጎም ኣውሪዶም፣ ነቶም ዓንዲ ቤተ ክርስትያን ዝነበሩ ውፉያት ቤተ ክህነት ደቂ እታ ቤተ ክርስትያን ምስ ተኣስሩ ኢዩ። ድሕርዚ ብዙሓት ካህናትን ዲያቆናትን ናብ ስደት ብምውሓዝ ኣብዚ ግዚ እዚ ስደተኛታት ኮይኖም ኣብ ኢትዮጵያ፣ ሱዳንን እስራኤልን ይርከቡ ኣለዉ።

ቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ብሕያውነቶምን ኣብ ህዝቦም ብዘለዎም ፍቕርን ተወፋይነትን፣ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ብዘለዎም ጽኑዕ እምነትን ዝፍለጡ ቅዱስ ኣቦ፡ ብነሓሰ 2005 ብዘይሕጋዊ መንገዲ ካብ ስልጣኖም ምስ ወረዱ፣ እቲ ዘይሕጋዊ ካብ ፓትርያርክነቶም ምውራድ ብዓለም ለኻዊ ናይ ኦርቶዶክስ ኣብያተ ክርስትያናት ተኾኒኑ ኣሎ። ንሶም ግን ካብ 2005 ጀሚሮም ብዘይ ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ሓለዋ፣ እሱር ብምዃን ኣብ ስቅያት ይነብሩ ኣለዉ። ንቅዱስ ፓትርያርክ ዘእሰሮም ቀንዲ ምኽንያት፣ ናይ መንግስቲ ሰበ ስልጣን ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ኢዶም ከየእትዉ፣ ከምኡውን ካህናትን ዲያቆናትን ናብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ከይከዱ ብትሪ ስለ ዝተቓወሙን ኢዩ።

ናይ ኤርትራ ሰበ ስልጣን ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት ዝወሃቡ ዝነበሩ ትምህርቲ ሃይማኖትን ናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበትን ኣገልግሎት ከይወሃብ ኣብ ርእሲ ምእጋዶም፣ ብብዝሒ ካህናትን ዓበይቲ ናይ ቤተ ክርስትያን ሊቃውንትን ይእሰሩ ብምህላዎም ገለ ኣብያተ ክርስትያናት ኣገልገልቲ ካህናትን ድያቆናትን ብምስኣን ይዕጸዋ ኣለዋ። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣቦና ቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ወዲ 86 ዓመት ኮይኖም ብሕማም ሽኮርያን ብዝሒ ደምን ካልእ ሕማማትን ብዘይ ሕክምናዊ ክንክን ተኣሲሮም ይሳቐዩ ኣለዉ።

ነዚ ጽሑፍ እዚ ከነቕርብ ዘገደደና ምኽንያት ጉዳይ ኣቦና ቅዱስ እንጦንዮስ፡ ብናይ ቤት ጽሕፈትኩምን ካልኦት  ዝምልከተን መንግስታዊን ዘይመንግስታውን ትካላትን ኣቓልቦ ክረክብ፣ ብዕቱብ ተኻታቲለን ካብ ቤት ማእሰርቲ ክልቀቑ  ዝኽእሉሉ መንገዲ መፍትሒ ንምርካብ ኢዩ። ቅዱስነቶም ኣድላዪ ሕክምናዊ ክንክን ስለ ዝተነፍጎም፡ ኣብ ዝሓለፉ ሾብዓተ ዓመታት ጥዕናኦም ኣዚዩ እናንቆልቆለ ብምኻዱ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ኣለዉ።

ስለዚ

1904 south Stone mountain Lithonia rd.
Lithonia GA. 30058
Phone:(678)-774-9388 Fax: (770)-828-0646
Email: diocese@tewahdo.org

1. ጉዳይ ቅዱስ እንጦንዮስ ብዕቱብ ተራእዩ ካብ ማእሰርቶም ክፍትሑ፣ መሰል ሃማኖታዊ ነጻነት ክረኽቡን ብህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ክግበረሎምን።
2. ኩሎም እቶም ብምኽንያት እምነቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝሳቐዩ ዘለዉ ውፉያትን ምሁራትን ደቂ ቤተ ክርስትያን ክፍትሑ።
3. ኣብቶም ሰብኣዊ መሰሎም ተነፊጉዎም ሃገሮም ራሕሪሖም ዝሃድሙ ዘለዉ መንእሰያት ኤርትራ ዘተኮረ ኣብ ሱዳንን ምድረበዳ ሲናይን ዝግበር ዘሎ ምሻጥ ደቂ ሰብን ዘመናዊ ባርነትን ዘይሕጋዊ ማእሰርትን ብህጹጽ ደው ክብል ምትሕብባርኩም ንሓትት።

ኣብ ሃይማኖትና ዝፍጸም ዘሎ ምግሃስ መሰል እምነትን፣ ኣብ መንእሰያትና ዝካየድ ዘሎ ኢሰብኣዊ ምሻጥ ሰብን ህጹጽ ኣቓልቦ ክረክብ ብትሕትና ንሓትት። ንሕና ኣገልገልቲ ካህናት  ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፣ ነቲ ኣብ ኣሜሪካን ፣ ካናዳን ፣ኤውሮጳ፣ እስራኤልን  ዘሎ ዲሞክራስን ናይ ሃይማኖት ነጻነትን እናሞገስና ነቶም ኣብ ስቅያት ዘለዉ ኤርትራውያን ኣሕዋትናን ኣሓትናን ከምዚ ዕድል እዚ ከጋጥሞም ንደልን ንጽልን።

ምስ ብዙሕ ኣኽብሮት፡

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን።
ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ።
ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሃገረ ስብከት ማእከላይ ምብራቕ።

## ካህናት ኤርትራዊት ቤተ ክርስትያን ተዋህዶ

**Father Kesete Berhan G. Michael** (Hegumen)
Holy Trinity Eritrean Orthodox Church
Seattle, WA 98125
United Sates of America

**Father Areaya Tesfay** (Hegumen)
St. Gabriel Eritrean Orthodox Church
New York, NY 10031
United Sates of America

**Father G. Michael Yohannes.**
Medhanealem Eritrean Orthodox Church
Lithonia, GA 30039
United Sates of America

**Father Weldetnsae Berhane**
Medhanealem Eritrean Orthodox Church
Washington, D.C. 20001
United Sates of America

**Father Dibe Gebrewoldi**
St. Mary Eritrean Orthodox Church
San Leandro, CA 94577
United Sates of America

**Father Halefom Zighta.**
St. Michael Eritrean Orthodox Church
Charlotte, NC 2827
United Sates of America

**Father Tesfom G. Abrhale**
Medhanealem Eritrean Orthodox Church
Washington, D.C. 20001
United Sates of America

**Father Asmerom Hagos**
Medhanealem Eritrean Orthodox Church
Lithonia GA. 30039
United Sates of America
**Father Athansius Ghebre-Ab**
Holy Trinity Eritrean Orthodox Church
Cincinnati OH. 45237
United Sates of America

**Father Tedros Tesfay.**
Irvine, CA 92606
United Sates of America

**Father Dawit Ghebreselassie**
Rochester, NY 14621
United Sates of America

**Father Berhane Teame Beyene**
St. Mary Eritrean Orthodox T. Church
Portland, OR 97211
United Sates of America

**Fr. Semere Sibhatu.**
Holy Trinity Eritrean Orthodox Church
Edmonton, AB T5N 1M8
Canada

**Fr Theklemariam Mirkazion**
AM SCHIEFERSTEIN 8 60435
Frankfurt am Main Germany

**Fr. Paulos AMPRINO**
AM SCHIEFERSTEIN 8 60435
Frankfurt am Main Germany

**Rev. Ghebreberhan Fisseha**
Eritrean orthodox Medhane Alem church
Auckland Australia

**Father Teklit Habtemariam**
Wannenweg 10
4460 Gelterkinden
abaaselland
St.Merie Bâle

**Father Hadish Habtom**
**Father  Hadish Dwit**
**Father Tekle Ghebreslassie**
St. Mary Eritrean Orthodox Church
Genève, Switzerland

**Father Berhane Ghebremeskel**
Kidanemihret Church
Switzerland
**Father  Muluebrhan Temesghen.**
St. Mary Eritrean Orthodox Church
luzern, Switzerland

**Father Tesfay Hagos**
Abune Aregawi fribourg Suisse church,
Switzerland

**Mergeta Tesfay Weldeghebriel**
Medhanealem Eritrean Orthodox Church
Zürich, Switzerland

**Haleka Kflom Habtemaryam**
uanerdorf strasse 21
9113 Degersheim

**Father Weldeslassie Beynesay**
hangelenstrasse 11
3122 kehrsatz

**Father Yonas Tesheme**
St.Mary Eritrean Orthodox Church,
Sheffield, S9 3WU, UK

**Father Shenouda Haile**
St.Mary Eritrean Orthodox Church,
London, N22 7HA, UK

**Father Muluebrhan Rezene**
St George Eritrean Orthodox Church, Birmingham,
West Midlands, B20 2QQ, UK

**Father Habtom Ftuwi**
Medhane Alem Eritrean Orthodox Church,
Waterloo Road, Cheetham, Manchester, M8 0AZ, UK

**Fathers of the**
St Mary Eritrean Orthodox Church,
Tel Aviv, Israel

**This letter has been sent to the following officials and agencies as well:**

**The Honorable Secretary of State John Kerry**
U.S. Department of State
2201 C Street NW
Washington, DC 20520

**The Honorable Sheila B. Keetharuth,**
**Special Rapporteur on the situation of human rights in Eritrea**
Office of the United Nations High Commissioner for Human Rights (OHCHR)
Palais des Nations
CH-1211 Geneva 10, Switzerland

**The Honorable Catherine Dupe Atoki, Commission Chairperson**
**African Commission on Human and Peoples' Rights**
31 Bijilo Annex Layout, Kombo North District
Western Region P.O. Box 673
Banjul
The Gambia

**The Honorable Catherine Dupe Atoki, Commission Chairperson**
**African Commission on Human and Peoples' Rights**
Gbenga Atoki Chambers, 3rd Floor, City Plaza,
596 Ahmadu Bello Way, Area 11,
P. O. Box 12075, Garki Abuja, Nigeria